ט י ג ר י ת

**info@rozen-ins.co.il להחזיר לפקס 03-6729025 או למייל**

# ንጥዕናዊ መድሕን ዘገልግል መግለጺ ኩነታት ጥዕና - ኣብ እስራኤል ናይ ዝ መጡ ወጸእተኛታት

ነዚ ተታሓሒዙ ቀሪቡ ዘሎ እማመ መድሕን ጥዕና ምርኩስ ብምግባር ዝፍጸም ኩይኑ፡ እቲ እማመ ካብ ትሕዝቶ እዚ ሰነድ መግለጺ ኩነታት ጥዕና ነጺልካ ዘይረአ እዩ።

HAREL Insurance & Finance


ጉዳይ:-
ኩባንያ መድሕን ሃረል ሓ.ዝ.ት. - ጨንፈር መድሕን ሰብ-ወጻኢ ሰራሕተኛታት / በጻሕቲ
ጐደና ኣባ ሒለል ቍ. 3፣ ቁ.ሳ.ፖ. 1951፣ ራማት ጋን 5211802፣ ፋክስ:- 03-7348083፣ ኢ-መይል:- fax7930@harel-ins.co.il


**1 ውልቃዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ንመድሕን ተሓጽዩ ዘሎ ውልቀ-ሰብ**

| ቍ. ፓስፖርት | ስም ኣቦ | ስም | ዕለት ልደት | ጾታ ☐ ተባ. ☐ ኣን. |
|---|---|---|---|---|
| | | | | |

ነዞም ኣብ'ዚ ሰነድ መግለጺ ኩነታት ጥዕና እዚ ቀጺሎም ቀሪቦም ዘለዉ ሕቶታት መልሲ ኣብ እትህቡሉ፡ ኣብ ግቡእ ቦታ ናይ'ቲ ዓምዲ ምልክት ማለት "✓" ምቕማጥ ከድልየኩም እዩ። ንፍሲወከፍ ብእወታ ዝመለስኩምዎ ሕቶ ካብ ዝምልከቶ ሓኪምኩም ዝተዋህበኩም ንዕኡ ዝምልከት ሕክምናዊ ሰርቲፊኬይት ክተታሓሕዙሉ ይግባእ። እዚ ወረቐት ሓኪም እዚ ነቲ ጥዕናዊ ጸገም ብዝግባእ ዝገልጽ፡ ንውጽኢት መርመራ ዘመልከት፡ ንኣገባብ ፍወሳ ዘብርህን ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ጥዕናኹም ዘረድእን ክኾውን ይግባእ።

| | ሓፈሻውያን ሕቶታት | እወ | ኣይፋል |
|---|---|---|---|
| 1. | ኣብ ዝሓለፉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ክብደት ኣካላትካ ብ 6 ኪ.ግ. ወይ ልዕሊኡ ዶ ነክዩ ነይሩ እዩ? መልስኻ "እወ" እንተኾይኑ፡ ብኸብረትካ ጠንቂ ናይ'ዚ ግለጽ። | | |
| 2. | ☐ ኣደንዛዚ ባእታታት ትጥቀም ወይ ተጠቒምካ ትፈልጥ ዶ ኢኻ? ☐ ትሰቲ ዶ / ኣልኮላዊ መስተ ክተዘውትር ዶ ጸኒሕካ ኢኻ (ልዕሊ ክልተ ብኬሪ/ኩባያ ንመዓልቲ)? | | |
| 3. | ***ዘይተዛዘመ መስርሕ መርመራ ሕማም ወይ ምልክት ሕማም:-*** ኣብ ውሽጢ እዞም ዝሓለፉ 5 ዓመታት፡ ክሳብ ሕጂ ዘይተዛዘመን ኣብ ናይ መወዳእታ ነጸርታ ዘይበጽሐን ሕክምናዊ መስርሕ ነይሩካ ዶ? ብኽብረትካ ብመሰረት እዞም ቀጺሎም ተዘርዚሮም ዘለዉ ጥዕናዊ ጸገማት መልስኻ ሃብ። ምስኳዕ ግዳማዊ ቱቦ ሽንቲ፡ ሓጺናዊ ደገፍ ዓጽሚ፡ ኮምፒዩተራዊ መርመራ ልቢ፡ ኤም.ኣር.ኣይ.፡ ሲ.ቲ.፡ ኣልትራሳውንድ (ኮምፕዩተራዊ መርመራ - ኣካል ስስሩዕ ክትትል ነፍሰ-ጾር ዘይኩነ)፡ ናይ ሬሳ መርመራ፡ ውሽጣዊ መድመይቲ፡ ካሜራዊ መርመራ ገፊሕ መዓንጣ፡ ካሜራዊ መርመራ ከስዐ? (መልስኻ እወ ምስዝኸውን፡ ካብ ሓኪምካ ብዛዕባ መርመራ ዝተደልየሉ ምኽንያት፡ ውጽኢት መርመራን ናይ መወዳእታ ነጸርታን ዝገልጽ ሕክምናዊ ሰሪቲፊኬይት ከተቕርብ ከስልየካ እዩ። | | |
| 4. | ኣብ ውሽጢ እዞም ዝሓለፉ 5 ዓመታት መጥባሕቲ ኣካዪድካ ወይ ንኽተካይድ ናይ ሓኪም ምኽሪ ቀሪቡልካ ዶ ይፈልጥ? ብኽብረትካ ግለጽ። | | |
| 5. | ኣብ ውሽጢ እዞም ዝሓለፉ 5 ዓመታት ሓደጋ ኣጋጢሙካ ይፈልጥ ዶ? ብኽብረትካ ብዛዕባ እቲ ሓደጋ፡ ዕለቱን ዘስዓበልካ ማህሰይትን ጥቐስ። | | |
| 6. | ኣብ ውሽጢ እዞም ዝሓለፉ 5 ዓመታት፡ ንልዕሊ 3 መዓልትታት ኣብ ሆስፒታል ደቂስካ ትፈልጥ ዶ? ብኽብረትካ ብዛዕባ ዝደቀስካሉ ምኽንያትን ዝተገብረልካ ሕክምናን ጥቐስ። | | |
| 7. | ኣብ ውሽጢ እዞም ዝሓለፉ 10 ዓመታት፡ መድሃኒት ብስሩዕ ክትወስድ ጸኒሕካ ዶ ወይ ከምኡ ንኽትገብር ብሓኪም ምኽሪ ተዋሂቡካ ነይሩ ዶ? ብኽብረትካ ብዛዕባ እዚ ጥዕናዊ ጸገም፡ መስርሕ ፍወሳኡን ንኽንደይ ዝኣክል እዋን ነዚ መድሃኒት እዚ ከምዝወሰድካዮን ጥቐስ። | | |
| | **ሕክምናዊ መርመራ ኣካዪድካ ምስ ሓደ ካብ'ዞም ዝስዕቡ ሕማማት፡ ምልክታት ወይ ጥዕናዊ ምምዝባላት ዝተኣሳሰር ጸገም ተረኺቡካ ዶ ይፈልጥ:-** | | |
| 8. | ☐ ናይ ስርዓተ መትኒ ☐ ማህሰይቲ ሻምብቆታት ደም ናይ ላዕለዋይ ክፋል ሓንጎል (ከባቢ ሰረብረም) ☐ ሕማም ምንፍርፋር ☐ ዝተባዝሐ ምፍንታር ክፍሊ ኣካላት ☐ መልመስቲ ☐ ድኽመት ምንቅስቓስ መሓውር ☐ ምንፍጥፋጥ (ክፍሊ) ኣካላት ☐ ምሕቃቕ ጭዋዳታት ወይ ካልእ ክፍሊ ኣካላት ዝጽንቅቕ ሕማም ☐ ሕማም ፐርኪንሰን። ኣብ ሓደ ካብ'ዞም ጥዕናዊ ጸገማት "እወ" ኢልካ ምስእትምልስ፡ ካብ ዝተኻታተለካ ናይ ስርዓተ-መትኒ ሓኪም መዓልቱ ዝሓለፈ ደብዳቤ ኣተሓሒዝካ ስደደልና። | | |
| 9. | ብኽኢላ ስነ-ልቦና፡ ናይ ስነ-ኣእምሮ ሓኪም ወይ ናይ ስድራ-ቤት ሓኪም እተነጸረ ናይ ኣእምሮ ጸገም ኣሎካ ዶ? | | |
| 10. | ዓይንን ምርኣይን (ካብ ቍጽሪ-7 ንላዕሊ ዓቕን ዘለዎ መነጽር እትጥቀም ምስእትኸውን ጥቐስ) | | |
| 11. | ስርዓተ ክፍሊ ኣካላት (ናይ ኢ.ኤን.ቲ.): ☐ እፍንጫ ☐ እዝኒ ☐ ጐረሮ | | |
| 12. | ☐ ልቢ ☐ ሻምብቆታት ደም | | |
| 13. | ☐ ምምዝባል ጠባይ ደም ☐ ደም ናይ ዘይምርጋእ ጸገም | | |
| 14. | ኣብ ውሽጢ እዞም ዝሓለፉ 10 ዓመታት መድሃኒታዊ ፍወሳ / ቍጽጽር ኣመጋግባ ዝጠልብ ሕዱር ሕማም ኣጋጢሙካ ነይሩ ዶ:- ☐ ጸቕጢ ደም ☐ ሕማም ሽኮር (እንተላይ ኣብ እዋን ጥንሲ ጥራይ ዝኸሰተ) ☐ ልዑል መጠን ስብሒ / ኮሌስትሮል ☐ ካልእ ሕዱር ሕማም | | |
| 15. | ጽኪ ታይሮይድ | | |
| 16. | ☐ ኣዝማ ☐ ሕማም ቲ.ቢ. ☐ ሕዱር ሕማም ኒሞንያ ☐ ማዕበስቲ ዘስዕብ ሕዱር ሕማም ሳንቡእ ☐ ሕማም ከባቢ ሳንቡእን ቆፎ ኣፍ-ልብን | | |
| 17. | ☐ ከስዐ ☐ መዓንጣ ሻሕለለ ☐ ፍሕኛ ☐ ጸላም ከብዲ ☐ ረኽሲ ጸላም ከብዲ ☐ ጅርባዶ (ኣምሮድየ) – መጥባሕቲ ኣካይድካ ኔርካ ዶ:- ☐ ኣይፋል ☐ እወ ብ (ዕለት .......... እቲ ጸገም ተፈቲሑ ዶ? ☐ ኣይፋል ☐ እወ | | |
| 18. | ☐ ሄርንያ:- ዝተኸስተሉ ከባቢ ኣካላት - ☐ ኣብ ከባቢ ዳያፍራም ☐ ሕምብርቲ ☐ የማናይ ረቓቒቶ ☐ ጸጋማይ ረቓቒቶ ☐ ሄርንያ ንምፍዋስ መጥባሕቲ ተኻዪዱልካ ነይሩ ዶ? ☐ ኣይፋል ☐ እወ፣ መዓስ? (ዕለት .......... እቲ ጸገም ተፈቲሑ ዶ? ☐ ኣይፋል ☐ እወ | | |
| 19. | ኣይድስ ወይ ድማ ተሰካሚ ኤች.ኣይ.ቪ. | | |
| 20. | ቍስሊ ቈርበት | | |
| 21. | ☐ ኩላሊት ☐ ሻምብቆ ሽንቲ | | |
| 22. | ☐ ሕቖን ዓንዲ ሕቖን ☐ ብርኪ ☐ መንቃዕቲ ዓጽሚ ☐ መላግቦ ኣካላት | | |
| 23. | ☐ ኩላሊት ☐ ሻምብቆ ሽንቲ | | |
| 24. | ☐ ሕበጣት ቈርበት | | |
| 25. | ☐ ፍንጣጣ ☐ ምግፋፍ ግዳማዊ ቀጸላ ቈርበት ዘስዕብ ሕማም | | |
| 26. | ንደቀ'ንስትዮ (ልዕሊ 14 ዓመት ንዝዕድሚኣን ጥራይ):- ☐ ጸገም ኣጥባት እንተላይ ጥረ ጡብ ☐ ስርዓተ ጥዕና ደቀንስትዮ ☐ ነፍሰ-ጾር ዲኺ? ☐ እወ ☐ ኣይፋል ☐ ብመጥባሕቲ ሓሪስኪ ዶ ትፈልጢ? መልሰኺ "እወ እንተኾይኑ፡ መዓስ? .......... | | |

ጥቐስ/ሲ:- ..........

..........

..........

StudioHarel b14072/14082

## ሐ ንመድሕን ተሓጽዩ ዘሎ ውልቀ-ሰብ ዝህቦ መረጋገጺ ቃል

1. ኩሎም እዞም ብኣይ ወገን ዝቐረቡ መልስታት ቅኑዓት፡ ምሉኣትን ካብ ናጻ ፍቓደይ ተበጊሰ ዝሃብክዎምን ምዃኖም ብወግዒ ኣፍልጥ ኣለኹ።
2. እዞም ኣብ'ዚ ሰነድ መግለጺ ጥዕና ተዋሂቦም ዘለዎ መልስታት፡ ካልእ ኣነ ንወሃቢ መድሕን ዘቕርበሉ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ሓበሬታ፡ ከምኡ'ውን እቶም ወሃቢ መድሕን ነዚ ጉዳይ እዚ ብዝምልከት ዝጥቀመሎም ሓፈሻውያን ቅድመ-ኩነታት ስምምዕ፡ ኣብ'ቲ ንስኻን ወሃቢ መድሕንን እትኽትሙሉ ውዕል መድሕን ከም ኣገደስቲ ረቛሒታት ዝውሰዱ ኰይኖም፡ ካብኡ ንጺልካ ዘይረኣዩ እዮም።
3. ወሃቢ መድሕን፡ ዝኾነ ይኹን መብርሂ ከህብ ከይተገደደ፡ ነቲ እተቐርበ መመልከቲ ክነጽጎ ወይ ክቕበሎ ይኽእል እዩ። ንሓበሬታ ከኹነካ፡ ውዕል መድሕን ተግባራዊ ዝኸውን፡ ሕጹይ ተቐባልነት ከምዝረኸበ ዘረጋግጽ ደብዳቤ ካብ ወሃቢ መድሕን ምስተዋህቦን ናይ ቀዳማይ እግሪ ክፍሊት መድሕን ምሉእ-ብምሉእ ምስተዳቓቐሰን ጥራይ እዩ። ወሃቢ መድሕን ክፍሊት መድሕን ዝእከበሉ ካልእ ኣማራጺ ምስዝህልዎ፡ እዚ "ናይ ቀዳማይ እግሪ ክፍሊት መድሕን ኣቐዲምካ ምሉእ-ብምሉእ ከይቓቐስ ኣለዎ" ዝብል ቅድመ-ኩነት ተግባራዊ ኣይከውንን።
4. እዚ ኣብ'ዚ ሰነድ እዚ ሰፊሩ ዝርከብ ትሕዝቶ፡ ኣብ ፖሊሲ መድሕን ንምእታውካን ምስ'ዚ ምስ ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት ወይ ዕላማታትን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ጉዳይ ኣተሓሕዛኡ ብዝምልከት ኣገዳሲ ይኸውን። ኩባንያን ካልኦት ኩባንያታት ትካላዊ ጕጅለ ሃረል (ወፍርታት መድሕንን ፋይናንሲያዊ ኣገልግሎታትን ሃረል ሓ.ዝ.ት. ምስ ጨናፍሩ)ን፡ ወይ እውን ብእኦን ዝተወከለ ውልቀ-ሰብ ነዚ ኣብ'ዚ ዝርከብ ሓበሬታ ኣብ ጥቕሚ ኪውዕሎ እዩ፤ ማለት እዚ ሓበሬታ ዋላ እውን ኣብ ኢድ ዝኾነ ይኹን ንትካላዊ ጕጅለ ሃረል ወኪሉ ዝሰርሕ ሳልሳይ ኣካል በጺሑ ክምስራሕ፡ ክኸዉን ምስ ፖሊሲ መድሕን ድዩስ ምስ ካልእ ሕጋዊ መዓላ ኣብ ዝተኣሳሰር መዓላ ድማ ኪውዕል እዩ።
5. ዝኾነት ትኹን ኩባንያ መድሕን ንዘቕረብካላ መመልከቲ መድሕን ጥዕና ነጺጋቶ ወይ ሰሪዛትልካ ዶ ትፈልጥ? ☐ኣይፋል ☐እወ፤ ብኽብረትካ ብዛዕባ'ዚ ሓበሬታ ሃብ:- ..............................
6. **ንሕክምናዊ ምስጢራውነት ብዝምልከት ዝቐረበ መረጋገጺ ፍቓድ:-** ኣነ ብውልቀ-ሰብ ደረጃ ድዩስ ከም ጕጅለ ክታመይ ኣብ ታሕቲ ኣንቢረ ዘለኹ፡ ብመንጽር ፖሊሲ መድሕን ጉዳይ መሰላተይን ግዴታታተይን ምግምጋም ክሳብ ዘገድስ ወይ እውን ኣብ መድሕን ዘለኒ ተቐባልነት ምኽላሱ ኣገዳሲ ኰይኑ ክሳብ ዝተረኽበ - ኤችኤምኦ ("ኩፓት ሖሊም")፡ ናቱ ሕክምናዊ ትካላት፡ ከምኡ'ውን ካልኦት ሓካይም፡ ክሊኒታት ስነ-እእምሮ፡ ሕክምናዊ ትካላት፡ ሆስፒታላት፡ ኤንኣይኣይ.፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ዝኾነት ትኹን ኩባንያ መድሕን ድዩስ ካልእ ትካል ወይ ድማ ዝምልከቶ ውልቀ-ሰብ፡ ነዚ ኣብ ትሕቲኦም ዝጸንሕ ካልእን ንጥዕናይ ዝምልከት ሓበሬታ : ከም ዝተሓተትዎ፡ ገለ እኳ ከየትረፉ ንሃረል ንኸረክብዋ ፍቓድ እህቦም ኣለኹ። እዚ ሓበሬታ እዚ፡ ብዛዕባ ኩነታት ጥዕናይ ወይ ብዛዕባ ናይ ሕሉፍ፡ ናይ ሕጂ ወይ ናይ መጻኢ ሕማመይ ዝጠቕስ ክኸውን ይኽእል። እምበኣርከስ፡ ነዞም ተጠቒሶም ዘለዉ ኣካላት ይኹኑ ውልቀ-ሰባት ኣብ ጉዳይ ኣጠቓቕማ ምስጢራዊ ሓበሬታይ ናጽነት እህቦም፡ ከምኡ'ውን ንጉዳይ ምስጢራውነቱ ኣብ ኢድ እቶም ውልቃዊ-ሓበሬታይ ዝሓቱ ዝምልከቶም ኣካላት እሓድጎ ኣለኹ። እዚ ንጉዳይ ምስጢራውነት ብዝምልከት ቀሪቡ ዘሎ መረጋገጺ ቃል ንዓይ/ንዓና፡ ንዋንነይ/ ዋንነና፡ ንሕጋውያን ወከልተይ/ወከልትና፡ ከምኡ'ውን ንነፍሲወከፍ ብኣይ/ብኣና ዝተወከለ ውልቀ-ሰብ ዝቕይድ እዩ። ንነኣሽቱ ደቀይ/ደቅና ዝምልከት እውን ይኸውን።

**እዚ ንመድሕን ተሓጽዩ/ያ ዘሎ/ላ ውልቀ-ሰብ፡ ብዝርድኦ/ኣ ቋንቋ ኣድላዪ መብርሂ ምስተዋህቦ/ባ፡ ነዚ ቅጥዒ መግለጺ ኩነታት ጥዕና ከታሙ/ማ ኣንቢሩሉ/ኣንቢራትሉ ኣሎ/ላ።**

ዕለት .............................. ክታም ናይ'ቲ ንመድሕን ዝተሓጸየ ውልቀ-ሰብ ............................. ክታም ምስክር ..............................

StudioHarel b14072/14082